# ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብካ ግደ ምህላው

## ብኸመይ ክንሕግዘኩም ንኽእል

ሚያዝያ 2003

Community - Tigrinya

ምልምማድ ህይወት ኣብ ስኮትላንድ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ፥ እንተኾነ ግና ክሕግዛ ጥራይ ማሕበራት፥ መብዛሕተን ብኣና ዝድገፉ ኣለዋ።

### ኣብ ማሕበረሰብ ዝሳተፉ ኣባላትና ብኸመይ ክሕግዙ ይኽእሉ

ኣባላትና ንሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ናይ ገዛእ ርእሶም ዝኾና ማሕበራት ንኽውክሉ ተሰፋ ብምግባር፥ ምክርን ሓበሬታን ይህብዎም። ከምእውን ነተን ንስደተኛታት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ዝህባ ወይድማ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ጽኑዕ ዝኾነ ምውህሃድ ንኽህልዎም ዘተባብዓ ናይ ከባቢ ማሕበራት ምኽሪ ንህብ።

ናይ ስደተኛታት ማህበራትን ኣባላቶምን ኣብ ዝኾነ ደረጃ ሕብረተሰብ ስኮትላንድ ድምጺ ንኽህልዎም ንምርግጋጽ ንጽዕር።

ከምእውን ብዛዕባ እተን ንሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ኣገልግሎታት፣ ምኽርን ሓበሬታን ዝህባ ናይ ማሕበረሰብ ማሕበራትን መራኸቢታትን ብዝምልከት ሓበረታ ንህብ።

ንናይ ስደተኛታት ኮሚኒቲ ማሕበራት ሓገዝ ዝህባ ካልኦት ኤጀንሲታትን ወሃብቲ ኣገልግሎታትን ርክብ ስለዘለና ንኽሕግዝዎም ኣብኣቶም ክንሰደም ንኽእል ኢና።

### ናይ ስደተኛታት ኮሚኒቲ ማሕበራት (RCOs)

ብዙሓት ኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ስደተኛታት ናይ ባዕሎም ኮሚኒቲ ማሕበራት መስሪቶም እዮም። እዘን ማሕበራት እዚኣተን ካብ መበቆም ዓትታትኩም ዝመጹ ሰባት ናይ ምርኻብን ተሞክሮን ዘጋጠሞም ሽግራትን ናይ ምልውዋጥን መፍትሒ ናይ ምርካብን ዕድል ይህባ። ከምእውን ደቂ ኣንስትዮ ተራኺበን ፍሉይ ዝኾነ ተሞክሮታተንን ክለዋወጣ ከምእውን ንኻልኦት ተመሳሳሊ ሽግር ከምእውን ስኽፍታታን ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ሓገዝ ክህባ ዝራኸባሉ ብደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝቆማ ጉጅለታት ኣለዋ። እዘን ጉጅለታት እዚኣተን ኣብ ናይ ከባቢኽን ማሕበረብ ክትሳተፉ፣ ናይ ባዕልኽን ባህሊ ከተካፍላን ከምእውን ክትተሓጋገዛን ሓገዝ ይህባ።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk

ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ ። ናይ ግብረሰናይ ቁጽሪ መዝገብ፥ SC008639

**ዝያዳ ሓበሬታ ምርካብ**

ኣብዚ መርበብ ሓበሬታና እዚ፡ ናይ RCO ዝርዝር ኣድራሻ ዘጠቓልል፡ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥ http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/how_we_can_help/i_want_to_get_involved_in_my_community/refugee_community_organisations

**ናይ ምውህሃድ መራኸቢታት**

ኣብ ግላስገው ናይ ምውህሃድ መራኸቢታት፡ ነዞም ኣብዚ ከባቢ ዝርከቡ ሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ኣገልግሎታት ዝህቡን መደባት ዝሕንጽጹን ናይ ከባቢ ኤጀንሲታት፣ ናይ ኮሚኒቲ ጉጅለታትን ወለንተኛታትን እዮም። እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎታት ድማ ሓበሬታን ምኽርን፣ ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ትምህርቲ፣ ብዘይ ቀጸራ ዝወሃብ ኣገልግሎታት፣ ንህጻናትን ዓበትይን ዝኸውን ምንቅስቓሳት፣ ንደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝወሃብ ኣገልግሎታትን ምንቅስቃሳትን፣ ባህላዊ ፕሮግራማት፣ ከምእውን መንፈሳውን ወድዓውን ዝኾነ ሓገዝት ምሃብ ዘጠቓለለ እዩ።

**ዝያዳ ሓበሬታ ምርካብ**

ኣብዚ መርበብ ሓበሬታና እዚ፡ ብዛዕባ መራኸቢታት ምውህሃድ ኣብ ግላስገው፡ ዝርዝር ኣድራሻ ዘጠቓለለ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥ http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/how_we_can_help/i_want_to_get_involved_in_my_community/integration_networks

**ነቶም ኣብ ማሕበረሰብ ዝሳተፉ ኣባላትና ብኸመይ ክትውከስዎም ከም እትኽእሉ**

ንሓደ ካብቶም ኣባላትና ከተዛራርቡ እንተደአ ደሊኹም በዚ ኣድራሻ እዚ ኢመይል ክትገብሩልና cdenquires@scottishrefugeecouncil.org.uk ወይድማ ብስልኪ ቁጽሪ 0141 248 9799 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ውሱን ዝኾነ ዓቕሚ ዘሎና ንእሽቶ ጉጅለ ስለዝኾንና፡ ነቲ ተቕርብዎ ሕቶ ብቕልጡፍ ከይንምልሶ ንኽእል ኢና። እንተኾነ ግና ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍና ክንምልሰልኩም ክንፍትን ኢና።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ ። ናይ ግብረሰናይ ቁጽሪ መዝገብ፡ SC008639